22 ጃንዋሪ፣ 2010

ኣብቂዑ እያሱ ተሰናቢቱና

ተጋሩ ሓቢሮም ይዝትዩ'ለዉ፣ ዝብል ምስ ሰማዕኻ
ፅምብር በልካ፣ "ናትና"'የ ኢልካ።

"ናትና" ኢኻ እወ፣ እያሱና
ኩርዓት ኩሎም፣ ሓበን ናይ ኩላትና
'ታይከ ጉዱ፣ እንታይ ወረዱና
ከይተሰናበተ ከይዱ ናትና
ሓዘን ገዲፉልና ሓዘን ንኩላህና።

በል ከዘንቱ፣ ቁሩብ ብዛዕባኻ
ደፈረ ክገጥም፣ ሎሚ ብድሕሬኻ
ኣይፈተንኩን ነይረ፣ ትማሊ ኣብ ቅድሜኻ።

ታሪኽ ውድብ፣ እንትዝንቶ 'ቶሎ
ቑፅሪ ሓደ፣ ወዲ በርህና ኣሎ።

'ቲ ተጋደልካዬ፣ ኩሉ ተውህቦኻ
'ቲ ጥበብ 'ቲ ትብዓት፣ ትናይ ወለድኻ
ጀግና ኢትዮጵያዊ፣ ሓቦኛ ትግራዋይ
ካብ ታሪኽ መበቆል፣ ኣይ-ካብ ይሓ 'ንዲኻ።

መንከን ይኾን፣ ጥበብካ ዝወርስ
ጅግና 'ንብሎ፣ ንብዓትና ዝሕብስ
'ቶም ሕሉፋት፣ ስሞም ከላዕሎም
ሃፍቶም ሙሴ፣ ኣግኣዚ ኣሕፈሮም
ኮነሬል ታደለ፣ ጀነራል ሓየሎም
ክንደይ ኢለ፣ ሽሞም ክዝርዝሮም
ደቂ ሓየት፣ መስመር ዝፀንበሮም
በዓል ስሑል፣ ኩሎም ሰላም በሎም
ምእንተ ንዓና ምዕንተ ተጋሩ፣

ህይወት ዝገበሩ
ትምኒትኩም ሰሚሩ
ልምዓት ተጀሚሩ፣
ኣብኡ ነይረ በሎም።
ድሕሪ መሪር ቃልሲ፣ ቀትሪ ለይቲ ወፍሪ
ተመሊስካ ኤርካ፣ ናብ ቀለም ናብ ብዕሪ
ኩሎ ዝከኣሎ፣ ወዲ ሓራስ ነብሪ።
እንታይ ጉድ ጨኪንካ
ልምዓት ኣቋሪፅካ
ጠሊምካና ኬድካ።
'ታሓቦ ፕሮጀክት 'ትናይ መቐለና
መዓስ ተወዲኡ ቃል ዝኣተኻልና።
በቃ ይኣኽለኒ፣
በቃ ይኾነኒ
ኢሉ ካብ በለና፣
ክንዲ ዝኽእለትና፣
ክንዲ ዝዓቕምና
ንሰጉም እምበኣር፣
ሕድሪ ተቐቢልና።
ካልኣይ ኣይንሪኦን እቲ "ናትና" ሓውና
ኣብቂዑ እያሱ ተሰናቢቱና።

ሲሳይ ኣሰፋ
ካናዳ